# Refugee agencies help and advice

28/03/08 Tigrinya

# ክፍሊ 4* (Section 4*) ሓገዝ

## ተወሳኺ ቫውቸር

ሓደሓደ ናይ ክፍሊ 4 UKBA (ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት)* (Section 4 UKBA (Home Office)) ሓገዝ ዝክረኽቡ ዘለዉ ሰባት፥ ተወሳኪ ቫውቸር ንኽወሃቦም ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ መን ከመልክት ከምዝኽእልን ከምእውን ንምንታይ ከመልክቱ ከምዝኽእሉን ይገልጽ።

**ናይ ክፍሊ 4* (Section 4*) ሓገዝ ዝረክብ ዝኾነ ሰብ ናይዞም ዝሰዕቡ ተወሳኺ ቫውቸር ንምርካብ ከመልክት ይኽእል እዩ፥**

1. ካብ 3 ማይል ንላዕሊ ዝግበር ናይ መገሻ ጉዕዞ – ከምዚ ዝሰዕብ ምስ ዝኸውን፥

- ናይ ክንክን ጥዕና ሕክምና ንምርካብ እንተደኣ ኮይኑ (ኣብቲ እተእትውዎ ማመልከቻ መረጋገጺ ዝኸውን ናይ ቆጸራ ወረቐት ኣተሓሒዝኩም የእትውዎ)፤ ወይድማ
- ናይ ምውላድ ንምምዝጋብ።

2. ናይ ትውልዲ ወረቐት ሰርቲፊኬት - ምሉእ ናይ ትውልዲ ወረቐት ሰርቲፊኬት ንምርካብ ዝኽፈል ወጻኢታት ንምኽፋል።

3. ናይ ስልኪ ምድዋልን ደብዳበታትን፥

ናብዞም ዝሰዕቡ ዝደወልክምሉን ደብዳቤ ንምስዳድ ንፖስጣ/ካልእ ነገራት ዘውጻእክሞ ወጻኢታት ንምኽፋል፥
- ሓካይም/ ናይ ጥዕና ክንክን
- ናይ ኢሚግሬሽን ምኽሪ ክህብ ብቑዕ ዝኾነ ጠበቓ
- ናይ ቤት ፍርዲ ቆጸራ
- ናይ ሓደ ግዜ ኣገልግሎት (One Stop Service)*
- ቤት ምኽሪ ዜግነት (Citizen’s Advice Bureau)*
- ናይ ከባቢ በዓል ስልጣን
- ናይ ኢሚግሬሽን በዓል ስልጣን፤ ወይድማ
- ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት (Home Office ) (UKBA)*

**ንጥኑሳት ከምእውን ካብ 16 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኦም ጽግዕተኛ ቆልዑ ዘለዎም ወለዲ ዝወሃብ ተወሳኺ ሓገዝ፥**

4. ናይ ሓደ ግዜ ቫውቸር (£250) ንነፍሲ ወከፍ ሓድሽ ቆልዓ – እዚ ቫውቸር ንምርካብ እቲ ቆልዓ ቅድሚ ምውላዱ ቅድሚ 8 ሰሙን ወይድማ እቲ ቆልዓ ድሕሪ ምውላዱ ድሕሪ 6 ሰሙን ዘሎ ግዜ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**Registered charity numbers:** Refugee Action: 283660 Migrant Helpline: 1088631
Scottish Refugee Council: SCO08639 Refugee Council: 1014576 Welsh Refugee Council: 1044885

Other leaflets are available at http://languages.refugeecouncil.org.uk
*Document control: commissioning agency, review date*

**5. ንጥኑሳት ኣንስትን ካብ ሰለስተ ዓመት ንታሕቲ ዝኾነ ቆልዑን ዝወሃብ ተወሳኺ ሰሙናዊ ቫውቸር፥**

- ኣብ ግዜ ጥንሲ ኣብ ሰሙን ናይ £3 ተወሳኺ ቫውቸር
- ሓድሽ ንዝተወልደ ቆልዓ ክሳብ ሓደ ዓመት ዝኸውን ኣብ ሰሙን ናይ £5 ተወሳኺ ቫውቸር
- እቲ ቆልዓ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ 3 ዓመት ዝኸውን ኣብ ሰሙን ናይ £3 ተወሳኺ ቫውቸር

**6. ንናይ ቆልዑ ክዳውንቲ ዝኸውን ተወሳኺ ሰሙናዊ ቫውቸር፥**

- እቲ ቆልዓ ክሳብ 16 ዓመት ዝኸውን ኣብ ሰሙን ናይ £5 ተወሳኺ ቫውቸር

**7. ፍሉይ ዝኾነ ድሌት፥**

- ንመጎዓዚ፣ ንስልኪ መደወሊ፣ ንፖስጣ/ካልእ ነገራት ወይድማ በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዘይተጠቓለለ ኣድላዪ ዝኾነ ነገር እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ግን መረጋገጺ ከተቕርቡ ይግባእ።

<u>ብኸመይ ከተመልክቱ ትኽእሉ፥</u>

እቲ ናይ ማመልከቻ ፎርም ኣብ ናይ UKBA* ዌብሳይት ይርከብ። ዝኾነ ሰብ፡ እቲ መንበሪ ዝህብ ሰብ ከይተረፈ ተወሳኺ ቫውቸር ንምርካብ ከመይ ጌርኩም ናብ UKBA* ከም ተመልክቱ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ዘመልከትኩሞ እንተደኣ ዘይተወሃበኩም፡ ይግባይ ክትብሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

1. **ንጉዳይ መፍትሒ መንገድታት** (ዑቕባ ንምርካብ ቅድሚ ሚያዝያ 2007 ዘመልከትኩም)፥
   እቲ ፎርም ናብ Croydon <u>ክፍሊ 4</u> (Section 4)* ጉጅለ ፋክስ ግበርዎ – ናይ መመልከቲ ፎርም ኣብዚ ዌብሳይት ኣሎ፥
   http://www.bia.homeoffice.gov.uk/sitecontent/applicationforms/asylum/caseresolutionsection4provision

2. **NAM caseowner እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ** (ዑቕባ ንምርካብ ድሕሪ ሚያዝያ 2007 ዘመልከትኩም)፥
   ነቲ ናይ መመልከቲ ፎርም ናብቲ ናይ ከባቢ ናይ ዑቕባ ጉጅለ ጉዳይ ሰራሕተኛ ፋክስ ግበርዎ
   http://www.bia.homeoffice.gov.uk/sitecontent/applicationforms/asylum/section4provision

ኩሉ ግዜ መረጋገጺ ከተተሓሕዙ ይግበኣኩም፤ ንኣብነት፥

- ሕክምና ከምዘድልየኩም መረጋገጺ
- MATB1*፡ ወይድማ ናይ ልደት ወረቐት ሰርቲፊኬት (እቲ ቆልዓ ኣብ UKBA* እንተደኣ ዘይተመዝገበ ኮይኑ)

**ዝኾነ ሕቶ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ ወይድማ ማመልከቻ ንምእታው እንተደኣ ዝጽግመኩም ኮይኑ፡ ብኽብረትኩም ነቲ መንበሪ ኣባይቲ ዝሃበኩም ኣዘራርብዎ፤ ወይድማ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ምኽሪ ኤጀንሲ በዚ ቁጽሪ እዚ ተወከስዎ፥**

*እዞም ቃላት እዚኣቶም ናይ ሓደሓደ ማሕበራት ናይ እንግሊዘኛ ስም ዝገልጹ ወይድማ ካልእ ክትርጎሙ ዘይክእሉ ቃላት እዮም። እንታይ ማለት ምዃኖም ንምፍላጥ፡ ብኽብረትኩም ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ ምኽሪ ሰራሕተኛ ሕተትዎ።



Other leaflets are available at http://languages.refugeecouncil.org.uk